## <u>ወተሃደራት ህግደፍ ብላዕሊ ንዝመጽኦም ትእዛዝ ናይ ዘይምቕባል ንቕሓት የማዕብሉ ከም ዘለው ተገሊጹ</u>

ቅድሚ ሎሚ ካብ ላዕሊ ዝወርደሎም ትእዛዝ ወይ መምርሒ፡ ሕማቕን ጽቡቕን ከይመመዩ ተቐቢሎም ብትግሃት ዝትግብሩ ዝነበሩ ወተሃደራት ህግደፍ፡ ካብ'ዚ ቀረባ ግን፡ መምርሒ ክግለጽ እንከሎ ጽን ኢልካ ዘይምስማዕ፡ ኣብ ካልእ ዕላልን ጸወታን ምድሃብ፡ ኣብ ስራሕ ምስ ወፈረካ፡ ስራሕ ከምዘይጽብቕ ምግባር ሓድሽ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ የርእዩ ኣለው ክብል ንስለ ድሕነት ስድራ ቤቱ ስሙ ክግለጽ ዘይደለ፡ ነዊሕ ዓመታት ኣብ መሳርዕ ስራዊት ዝጸንሐ ዜጋ ሓቢሩ።

እቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ናብ ጎረቤት ሃገር ኢትዮጵያ ዝኣተወ ዜጋ፡ መራሕቲ ህግደፍ ነቲ ብጥሜት፡ ዕርቃን፡ ሕማም፡ ፍረ ዘይብሉ ከቢድ ጉልበታዊ ዕዮን ስነ-ኣእምሮኣዊ ነውጽን ድከቱ ዘስትይዎ ዘለው ምስኪን ወተሃደር ከይተሰከፉ ጽቡቕ ኣለኻ ኢሎም ከታልልዎ ከም ዝፍትኑ፡ ሳላ ሓራ ፖለቲካዊ መስመርናን ኣብኡ ረጊጽና ዝተጸመምናን ንኹሉ ኣንጻርና ዝተበገሰ ተጻብኦታት ኣምኪኽና፡ ርኡይ ገስጋስ ምዕባለ ነርኢ ኣለና እናበሉ ከም ዝጀሃሩ፡ ይኹን ግን እቲ ግዱድ ወተሃደር በቲ ናይ ሓሶት ጎስጓስ ከም ዝተሰላቸወን ለውጢ ይደሊ ከም ዘሎን ኣብ ብዙሓት ኣባላት ሰራዊት ዝረአ ምልክታት ምኽኑን ኣረዲኡ።

ንኣብነት ኣብ'ዚ ቀረባ ብጀነራላት ህግደፍ ዝግበር ዘሎ ጎስጓስ፡ እቲ ወተሃደር ንውሽጣዊ ጸገሙ ከይርኢ ንግዳም ክጥምት ዝዓለመ ኮይኑ፡ ንሕና ሳላ መንግስትና ዝተኸተሎ ኣብ ገዛእ ነብሱ ዝተኣማመን ቅኑዕ ፖለቲካዊ ኣንፈት ተረጋጊእና ንቕጽል ኣለና። ኣብ ጎረባብትና ሃገራት ሱዳንን ኢትዮጵያን ዘሎ ኩነታት ግን ትሰምዕዎ ዘለኹም'ዩ። ሰራዊቶም ውህደት የብሉን። ህዝቢ ድማ ቀጻሊ ዓመጽን ተቓውሞን የስምዕ ኣሎ ዝብሉ ከም ዝርከብዎም፡ ግን ተቐባልነት ከም ዘይብሉን ምስክርነቱ ሂቡ።

### <u>ሰብ ክጨውዩ ናብ ሱዳን ዝተላእኩ ኣባላት ጸጥታ ህግደፍ፡</u>

### <u>ብኣባላት ጸጥታ ሱዳን ኣብ ቀይዲ ኣትዮም።</u>

ሓደ ተኸለ ሰንበት ዝተባህለ ናይ ኮለኔል መዓርግ ከም ዝነበሮ ዝተገልጸ ወተሃደር ህግደፍ ካብ ጉጅለ ህግደፍ ኣምሊጡ ናብ ሱዳን ከም ዝኣተወ፡ ነዚ ብሓይሊ ዓፊኖም ንምምላስ ዕማም ተዋሂብዎም ሱዳን ዝኣተወ 6 ዕሱባት ኣባላት ስለያ፡ ዘውፈሮም ከይፈጸሙ ብጸጥታ ሱዳን ተታሒዞም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከም ዝርከቡን መርበብ ሓበሬታ ኣሰና ኣፍሊጣ።

ናይ ዓፈናን ቅንጸላን ዕሱባት ኣባላት ስለያ ጉጅለ ህግደፍ፡ ብወገን ዓጊግ ብጃልባ ሰሊኾም ሱዳን ከምዝኣተው፡ ጸጥታ ሱዳን ካብ ህዝቢ ብዝረኸቦ ሓበሬታ መሰረት ኣብ ቀይዲ ምስ ኣእተዎም ብዝተገብረ ምርመራን ዝተረኸበ ሰነዳዊ መረጋግጽን እንታይ ተልእኾ ተዋሂብዎም ከም ዝኣተው ከም ዝኣመኑን ኣረጋጊጻ።

### <u>ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ጥራሕ</u>

### <u>ብዝተፈላለዩ ገበናት ዝተጠርጠሩ 48 ሰባት ረሺና።</u>

ወትሩ ብጥሕሰት ሰብኣዊ መሰላትን ጭካነ ዝመልኦ ናይ ሞት መቕጻዕትን ኣትኽሰስ ንግስነት ስዑዲ ዓረብ፡ ዓመተ 2018 ካብ ዝኣተቱ ንነጀው ኣብ ዘሎ ኣዋርሕ ጥራሕ፡ ብዝተፈላለዩ ገበናዊ ተግባራት ተጠርጢሮም ኣብ ቀይዲ ዝኣተው 48 ሰባት ህዝቢ ኣብ ዝተኣከበሉን ጋዜጠኛታት ኣብ ዝተዓደመሉን ብሴፍ ከም ዝረሸነት

ንኣህጉራዊ ትካል ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰል ህዩማን ራይት ዎች ብምጥቃስ ረድዮ ኤረና ብ27 ሚያዝያ 2018 ጸብጺባ።

ማእከል ናይ ሃይማኖት ምስልምና፡ ቅዱስ ቦታ ዝርከበላን ዓመታዊ ካብ ምሉእ ዓለም ንጸሎት ብሚሊዮን ዝቖጸሩ ሰባት ዝበጽሕዋን ስዑዲ ዓረብ፡ ብከም'ዚ ዝበለ ዘስካሕክሕ ኣገባብ ሰባት ብምርሻንን ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ብትፍጽሞ ዘይማዕርነታውን ኣድላውን ፍጹም ገሃሲ መሰል ፖሊሲኣን ከምእትኽሰን፡ ኣብ'ታ ሃገር ዝነብሩ ካብ እምነት ምስልምና ወጻኢ እምነት ዘለዎም ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ተሓቢኦም ጥራሕ ጸሎት ከም ዝገብሩን ዝተፈላለዩ ምንጭታት ይሕብሩ።

## መራሕቲ ሰሜንን ደቡብን ኮርያ ብኣካል ተራኺቦም ዝጸንሖም ጽልኢ ብሰላም ከደቅስዎ ተሰማሚዖም

ሓደ ዓይነት ዘርኢ ቋንቋን ኣብህልን ዘለዎም ህዝብታት ክንሶም፡ ብደጋፊ ምዕራብን ምብራቕን ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ንልዕሊ 60 ዓመት ተፈላልዮም ክሰሓሓቡ፡ ከም ስግኣት ዓለማዊ ጸጥታ ክግለጹ ዝጸንሑ፡ ሃገራት ደቡብን ሰሜንን ኮርያ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ናይ ክልቲኣተን ሃገራት መራሕቲ ብኣካል ተራኺቦም ብዘካየድዎ ምርድዳእ፡ ጸገሞም ካብ ዝኾነ ወተሃደራዊ ተጻብኦታት ነጻ ብዝኾነ ኣገባብ ክፈትሑ ኣብ ስምምዕ ብምጻሖም ካብ ኩሉ ኩርነዓት ዓለም ናይ ኣድናቖትን ዮሃናን ደገፍ ይቐርበሎም ኣሎ።

ጉዳይ ክልተ ኣሕዋት ህዝብታት ሰሜንን ደቡብን ኮርያ፡ ክሳብ ክንድ'ዚ ዝኸውን ግዜ ክወስድን ዓለማዊ ስሕበት ድማ ክረክብን ዝገበሮ ኣብ መንጎ'ቶም ህዝብታት መሰረታዊ ናይ ረብሓን ታሪኻዊ ጽልእን ስለዘሎ ዘይኮነስ፡ ብቐንዱ ብናይ ክልቲኣተን ፖለቲከኛታት ሓላፍነት ዝጎደሎ ተራ ህልኸን ንሱ ዝፈጠሮ ግዳማዊ ኢድ ምትእትታውን ምኻኑን ዝተፈላለየ ማዕከናት ዜና ይገልጻ ኣለዋ።

ሓድሽ ፕረሲደንት ደቡብ ኮርያ ካብ እዋን ምረጹኒ ግዜ ኣትሒዙ ጉዳይ ክልተ ኮርያ ናይ ኣሕዋት ባእሲ'ዩ፡ ናይ ካልእ ጣልቃ ምእታው ከየድለየና ባዕልና ክንፈትሖ ኢና ክብል ቅሩብነቱ ገሊጹ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ሰላማውን ዕውትን ፍታሕ ምብጻሖም ናቱ ፍሉይ ተራ ከም ዝነበሮ ብምንኣድ፡ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ካብ ዝጸንሖ ወተሃደራውን ጸጥታውን ወጥሪ ወጺኡ፡ ናብ ልምዓት ገጹ ክጥምት ልዑል ተስፋ ተነቢርሉ ምህላውን ወሲኹን ጸብጺበን።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 30-04-2018